ን2ይ ግዜ ዝወፀ ምልክታ ጨረታ ማእኸል ሓወልቲ ሰማእታት ክልል ትግራይ ካብ ሓምለ 01/2006 ዓ/ም ጀሚሩ -30/10/2009 ዓ/ም ዘሎ ሒሳብ ምንቅስቃስ ብደገ ኦዲተር ኦዲት ክገብር ስለዝደለየ ኣብ ትሕቲ ኣመራርሓን ክትትልን ቤት ፅሕፈት ዋና ኦዲተር ክልል ትግራይ እትርከቡ ዝተፈቐደልኩም ውልቀ ኦዲተርን ኦዲት ትካላትን ብግልፂ ጨረታ ኣወዳዲሩ ኦዲት ክገብር ስለዝደለየ ሕጋዊ ፍቃድ ዘለኩም ንክትሳተፉ ይዕድም።

ዝወፀሉ መዓልቲ: ሶኒ ሕዳር 17, 2011 (ልዕሊ 7 ዓመታት)
ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ዓርቢ ሕዳር 28, 2011 03:00 ቅደሚ ሰዓት (ሓሊፉ)
ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:00
ቦታ:መቐለ
ናይ ደኩመንት ዋጋ:30.00
ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ዓርቢ ሕዳር 28, 2011 03:30 ቅደሚ ሰዓት
መደብ: ኦዲት ተዛማድኡን/

ተጫረቲ ከማልኡዎም ዝግባእ ረቋሒ

1 ማእኸል ሓወልቲ ሰማእታት ትግራይ (ትካልና) ኦዲት ንምክያድ ዘኽእል ብርኪ ሓደ ወይ ክልተ ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቕዓት ሞያ ዘለኩም

2 ናይ 2011 ዓ/ም ወረቐት ምስክር መረጋገፂ ብቅዓት ሞያን ዘሐደሰን ንግዲ ምዝገባ፣ ተወሳኺ እሴት ታክስ (ተመዝጋቢ ንዝኾነ ) ፣ መለለይ ግብሪ ከፋላይነት (tin number ) ካልኦት ንጨረታ ዝጠቅሙ መረዳእታት ምስ ዋና ዝተገናዘበ ፎቶ ኮፒ ከቕርበ ዝኽእለ፤

3 ኦዲት ዝግበር ሒሳብ ኣብ መቀለ ከተማ ትካል ምኻኑ ፈሊጡ ዝሳተፍ፤

4 ጨረታ ሰነድ ካብ ማእኸል ሃወልቲ ሰማእታት ክልል ትግራይ ቢሮ ቁፅሪ 07 ዘይምለስ ብር 30.00 /ሰላሳ ብር /ጥራሕ ከፊሎም እዚ ምልክታ ካብ ዝወፀሉ ዕለት 14/03/2011 ዓ/ም ክሳብ ዕለት 28/03/2011 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ስራሕ ሰዓት ምውሳድ ይከኣል።

5 ተጫረቲ ሰነድ ጨረታ ፋይናንሻልን ቴክኒክን መወዳደሪ ቅጥዕታት ብዝግባእ ብምምላእ ደጋፊ መረዳእታኦም ምስ ዋና (ኦርጅናል ብምግንዛብ ፋይናንሽል (ዋጋ) መወዳደሪ ዋናን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ክልተ ፖስተ ቴክኒካል ደማ ዋናን ኮፒን ነንበይኑ ኣብ ክለተ ፖስተ ብጠቅላላ ኣብ 4ተ ፖስታ ብዝግባእ ተዓሺጉ ኣብ ሕድሕዱ ፖስታ ድማ ተጫረቲ ሽሞም፣ኣድራሻ፣ፊርማ፣ኦርጀናል (ዋና) ን ኮፒን ተባሂሉ ተፃሒፍሉን ማህተምን ፊርማን ዓሪፍዎን ነቲ ጨረታ ተባሂሉ ኣብ ማእኸል ሓወልቲ ሰማኦታት ትግራይ ቢሮ ቁፅሪ 07 ዝተዳለወ ሳፁን (ሳንዱቅ) ክሳብ ዕለት 28/03/2011 ሰዓት 3:00 ክኣትው ኣለዎም።

6 እቲ ጨረታ ኣብ ማእከል ሓወልቲ ሰማእታት ትግራይ ቢሮ ቁፀሪ 07 ዕለት 28/03/2011 ዓ/ም ልክዕ ሰዓት 3:00 ተዓፂዩ በቲ ዕለት ሰዓት 3:30 ተጫረቲ ወይድማ ሕጋዊ ወከልቶም ኣብ ዘተረኽብሉ ይኽፈት፤ ኮይኑ ግና ተጫረቲ ወይ ሕጋዊ ወከልቶም እንተዘይተረኺቦም ቤት ዕዮና ጨረታ ፖስታ ምኽፋት መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

7 ቤት ዕዮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ነቲ ጨረታ ብኽፋል ይኹን ብሙሉእ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ንተወሳኺ ሓበሬታ ብስ.ቁፅሪ 0342-400058 ምሕታት ይከኣል።

© *መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ።* 2013 - 2026 Made with love in Mekelle